Folkhälsomyndigheten

ንወለዲ ነኣሽቱ ህጻናት ዝኾንኩም

# ውላድካ ካብቶም ከም ኣር-ኤስ ቫይረስ ከምኡ ውን ትኽቲኽታ ዝኣመሰሉ ረኽሲ መተሓላልፎ-ትንፋስ ተኸላኸለሎም

ህጻናት (ትሕቲ 1 ዓመት ዝዕድሚኦም) ብገለ ቫይረስን ባክተርያን ኣዚዮም ክሳብ ዝስነፉ ክሓሙ ይኽእሉ እዮም። እቶም ብዕድመ ኣዝዮም ዝነኣሱ ህጻናት ኣዝዮም ተኣፈፍቲ እዮም። እዚ ዝስዕብ፡ ህጻናት ካብቲ ብንፋስ ዝመሓላለፍ መልከፍቲ ንኽድሕኑ ዝሕግዝ ምኽሪ እዩ።

## ምስ ጥዑያት ሰባት ጥራይ ተራኸብ

እቶም ነቲ ህጻን ዝረኽቡ ሰባት ጥዑያት ጥራይ ክኾኑ ኣለዎም። ሰዓል ወይ ጉንፋዕ ዘለዎም፡ ካብ ስድራቤት ወጻኢ ካብ ዝርከቡ ሰባት ካብ ምርካብ ተቖጠብ። እቶም ህጻን ኣለይ-መለይ ዝብሉን ምስኡ ዝራኸቡን ሰባት ጽሬት ኣእዳዎም ብግቡእ ክሕዙ ኣለዎም። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣእዶዋኦም ብሳቡናን ማይን ክሕጸቡ ወይ ውን ኣልኮል (መንጽሂ ካብ ረኽሲ) ክድረዙ ኣለዎም።

ዝከኣል ምስዝኸውን፡ ህጻን፡ኣብ እዋን ቀውዕን ሓጋይን ኣብ ውሽጢ ገዛ ብዙሕ ሰብ ጭቕጭቕ ኢሎም ዝኸዱሉ ቦታታት ነዊሕ ምጽናሕ ከወግድ ተመሪጺ እዩ። ምኽንያቱ ሽዑ፡ኣብ ሕብረተ-ሰብ ልዑል ምስፍሕፋሕ ቫይረስ ዝረኣየሉ እዋን ብምዃኑ።

ዝከኣል ምስዝኸውን ህጻን ክጠቡ ኣለዎ። ምኽንያቱ ምጥባው ነቲ ምስ ረኽሲ መተሓላልፎ-ትንፋስ ዝተተሓሓዘ ስግኣታት ስለዝቕንስ። እቲ ህጻን ንትኪ ትምባኾ ከይቃላዕ ተጠንቀቕ ኢኻ።

## ንህጻናት ዝወሃብ ክታበት ኣርኤስ-ቫይረስ የለን። ገሊኦም ግን ካብዚ ንምክልኻል ዝሕግዝ መድሃኒት ክወሃቡ ይኽእሉ እዮም።

ንነኣሽቱ ህጻናት ሓደገኛ ክኸውን ዝኽእል ቫይረስ፡ ኣርኤስ-ቫይረስ እዩ። እዚ ቫይረስ ዝያዳ ኣብ ቀውዕን ሓጋይን እዩ ዝርአ። ህጻን፡ ረስኒ፡ ናይ ምስትንፋስ ጸገማት ከምኡ ውን ገለ-ገለ እዋናት ክትበልዕ ናይ ዘይምኽኣል ጸገማት ክገብረሉ ይኽእል። ዓመታዊ ብሰንኪ ኣር-ኤስ ቫይረስ ብዙሓት ህጻናት ናይ ምስትንፋስን ምምጋብን ጸገማት ስለዘጋጥሞም ኣብ ሆስፒታል ኣትዮም ክእለዩ ይግደዱ።

ክሳብ ሕጂ ንህጻናት ክወሃብ ዝኽእል ክታበት ኣሬስ-ቫይረስ የለን። ይኹም እምበር፡ እቶም ብሕማም ክስነፉ ልዑል ተኽእሎታት ዘለዎም ህጻናት ኣብቲ ቫይረስ ዝቕልቀለሉ ወቕቲ፡ መከላኸሊ መድሃኒት ክወሃቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ንኣየኖት ቈልዑ ዝምልከት ምዃኑ ዝሕብር ሃገራዊ ምኽሪ ወይ ምሕጽንታ ኣሎ

## ትኽቲኽታ - ንነፍሰ-ጾራትን ቆልዑን ዝዓለመ ክታበት ኣሎ።

እቲ ጠንቂ ትኽቲኽታ ዝኾነ ባክተርያ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ መወዳእታ ክፋል ክራማትን ቀውዕን ዘስፋሕፍሕ ኮይኑ፡ ንህጻናት ብሕማም ክስነፉ ክገብር ይኽእል እዩ። ንነዊሕ ዝጸንሕ ሰዓል፡ ከቢድ ናይ ምስትንፋስ ጸገማት ከምኡ ውን ናይ ምብላዕ ጸገማት ተደራሪቡ ንህጻናት ኣብ ሆስፒታል ኣትዮም ክእለዩ ክገብር ይኽእል እዩ።

ነፍሰ-ጾር ምስእትኾኒ፡ ንነብስኽን ዕሸልን ካብ ሕማም ትኽቲኽታ ንምክልኻል ክታበት ክትወስዲ ንመክር። ህጻን ብዕድመ 3 ኣዋርሕ ምስኣቐኣጸረ፡ ኣብ ክሊኒክ ህጻናት ክታበት ናይ ትኽቲኽታ ከምዝወሃብ ይግበር።

## እቶም ኣብ ክሊኒክ ህጻናት ዝወሃቡ ክታበታት ወለንታውን ብነጻን ዝወሃቡን እዮም።

ኩሎም ህጻናት ጻረ ሓደገኛ ዝኾኑ ሕማማት ዝከላኸለሎም ክታበት ኣብ ማእከል ክንክን ጥዕና ቈልዑ ንኽኽተቡ ዕድል ይወሃቦም እዩ። እቶም ከም ኣካል ውጥን ክታበት ህጻናት ሽወደን ዝወሃቡ ክታበታት፡ ብወለንታ ዝውሰዱን ብነጻ ዝወሃቡን እዮም። እቲ ቐዳማይ ዝወሃብ ክታበት፡ ቃንዛ-ከስዐ ዝጻባእ ክታበት ኮይኑ፡ ህጻን 6 ሳምንታት ምስኣቐኣጸረ ብመልክዕ ንጣብ ኣብ ኣፍ ዝወሃብ እዩ።

ውላድካ ጥዕንኡ ዝተሓለወ ምእንቲ ክኸውን፡ ዋላ ውላድካ ክታበት ዝወሰደ ይኹን ነዚ ዝስዕብ ምኽሪ ምኽታል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

### ውላድካ ካብ መልከፍቲ ኣድሕን

- ጥዑያት ዝኾኑ ሰባት ጥራይ ርኸብ
- ኩሎም ንህጻን ዝረኽቡ ሰባት ኢዶም ብሳቡናን ማይን ክሕጸቡ ወይ ውን መንጽሂ-ኣልኮል ክጥቀሙ ኣለዎም።
- ኣብ እዋን ቀውዕን ሓጋይን፡ ህጻን ኣብ ብዝሒ ሰብ ዘለዎ ከባቢታት ኣብ ደገ ንነዊሕ ኣይተጽንሓዮ።
- ውላድካ ነቶም ኣብ ክሊኒክ-ህጻናት ዝወሃቡ ክታበታት ከምዝኽተቦም ግበር።

## ሕቶታት ኣሎካ ድዩ?

ሕቶታት ምስዝህልወካ፡ ወትሩ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ክሊኒክ-ህጻናት ተወከስ። ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ ኣቲኻ ከተንብብ ውን ትኽእል ኢኻ፡

- 1177.se